# <u>ቤት ትምህርቲ ቋንቋ'ደ ማ/ ኮም ማንሃይምን ከባቢኡን</u>

## <u>ንዓመታዊ ዕረፍቲ ተዓጽዩ</u>

ብዕለት 03.07.10 ኣብቲ ዓመት ዓመት ዝኻየደሉ ቦታ ማለት Herzogenried Park ቤት ትምህርቲ ቋንቋ'ደ ማሕበረ ኮም ማንሃይምን ከባቢኡን ናይ 2009/2010 መደብ ትምህርቲ ዛዚሙ ስነ ስርዓት ምዕጻው ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣካይዱ።
ኣብ'ቲ ስነ ስርዓት ቤት ትምህርቲ ቋንቋ'ደ ማሕበረ ኮም ካርልስሩሀ'ውን 70 ተማሃሮን ወለድን ሒዛ ኣብቲ በዓል ብምክፋላ ነቲ ስነስርዓት ተወሳኺ ድምቀት'ዩ ነይሩ።
ኣብዚ ናኡ ሎሚ ዓመት ስነ ስርዓት ምዕጻው ቤት ትምህርቲ፡ ልዕሊ 150 ተማሃሮን ወለድን ዝተኻፈልሉ ኰይኑ ኣብዝተፈላለየ ንጥፈታት ስፖርትን ሓጺር ተዋስኦን ግጥምታትን ብተማሃሮ ብምቕራቡ ብጣዕሚ ዘሐጉስ'ዩ ነይሩ።
ኣብ መወዳእታ ከኣ ንብሉጻት ተማሃሮ ብልጫ፡ ነቶም ካልኦት ከኣ ምስክር ወረቐት ካብ ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጀርመን ምስተዓደለ እቲ ተዳልዩ ዝነበረ መደብ ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ
ማ. ኮም ማን/ ከባቢኡን
03.07.10